# ጸሓይ ዘፍዘዘ..ጸልማት ዘጃጀወ ጽምብል ናጽነት!

ኤርትራዉያን ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ ብተኸታታሊ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለ፡ ንኽብሪ እታ ርእሰ ኩለን በዓላትና ዝኾነት ዕለተ-ናጽነት ንምጽንባል፡ ኣብ ዝተፈላለየ ስፍራታትን ቦታታትን፡ ዝተፈላለየ ዝትሕዝታኡ መደባት ንክሳተፍ እናተነቀሳቐሱ፡ ትርን ምቕትን ጸሓይ ኣፍዚዙ፡ ንግዳማዊ ምቕት፡ በቲ ኣብ ውሽጡ ዝፈጠሮ ልዑል ምቕተ-ናጽነት ተኪኡ፡ ብድኑ ጸልማት ከይተዓግተ፡ ብሃገራዊ ፍቕሪ ብርሃን ፈጢሩ፡ ኣብ ኩለ ስፍራ ተሓጉሱ ነጢሩ በዓሉ ዘኪሩ።

ነቲ ዝነበረ ዛራ ደስታን ባህታን ከም'ቲ ዋሕዙ ንክትገልጸ ዘኽእል ሓይለ-ቃላት ክትረክብ፡ ብጀካ እቶም ልሙዳት ቃላት ካበይ ይምጻእ?፡ ብሓጺሩ ፍሉይ፡ ዓሙቕ፡ ስምዒትን መንፈስን ዘሐድስ፡ ተስፋ ዘስንቕ መርኣያ ኤርትራዊ ፍናን ዘመስከረ ፍጻመ'ዩ ኢልካ እዩ ዝሕለፍ።

ንኣሽቱን ዓበይትን ተሳተፍቲ በዓል፡ ኣብ ርእሶም ከም ቆቢዕ፡ ማልያ፡ ክራባታን፣ ኣዴታት ከም ቀምሽን እድያት ነጸላን መቐነትን መኅልበብን ጽላልን፡ ብዝተፈለላ ቅድን መልክዕን፡ ለቢሶማን ሓቑፎማን፡ እናዘመሩላን እናደርፉላን፡ ንበርልና እናባሉ ክጽልዩላን፡ ክስዕሱዑላን ክቕጻጸዩላን እናክትርእይ፡ ኣብታ ባንደራ ዘለዎም ፍቕርን ቃል-ኪዳንን፡ ንልቢ ፈታዊ ዘረስረሰ፡ ንዓይኒ ኣባይ ደም ዘንብዐ፡ ፍልዩነት ዝሐቐፈ በዓል'ዩ ኔሩ።

ሓሙስ ኣብ ኣጋ ረፍዲ ኣዴታት መኸተ ዝጀመርኦ፡ ብእኩባት መኻይን ተዓጅበን፡ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ኣብ ታሻዓይ ጎደና፡ (ጎደና ኤርትራውያን - 9 Street N.W) ብብዝሒ ኤርትራውያን ዝንቀሳቐስሉ ኣብያተ መግብን መስተን፡ ብዕልልታ፡ ሰንደቕ ዓላማ እናምበልበላ፡ ዙረት ናጽነት ፈሊመንኦ። ድሕሪ ናይ ሓደ ሰዓት ዙረት፡ ናብ ማእከል ኤርትራውያን ተመሊሰን፡ ከም'ቲ ልሙድ ዓመት-ዓመት ዝግበርኦ ናይ ቡንን ጸበልን ወግዒ፡ ክሳብ ዕራርቦ ጸሓይ ቀጺሉ።




ኣብ ኣጋ-ምሸት መንእሰያት ህግደፍ ዘበገሶ፡ ኣብ ቤት መግቢ ዳህላክ ንኹሎም መንእሰያት ዘሳተፈ ናይ ጣዓሞት ምትእኽኻብ ምሸት ተኸፊቱ፡ ካብኡ ብተርታ ነተን ንክብሪ ናጽነት ኣብ ኣፍደገ ትካለን ባንዴራ ዘሰቐላ ኣብያተ መዘናግዕን መግቢን ኤርትራውያን፡ ኣምባሳደር፡ ሰላም፡ ዙላ፡ ሳሊና፡ ኤክስፖን ፖርቲኮን እንቛዕ ኣብ'ዚ ብርሃነ ልደት ኣብጽሐና ንምባል፡ ናይ ሓጎስ መግለጺ ናይ ደስ-ደስ ንግደት እናተዘዋወሩ ክብጽሕወን ምርኣይ ኣብ ተመክሮ መንእሰያት ኣብ ሓድነቶም ከም መቀራረቢ ባይታ ዘጣጥሕ ትካላት ዝምዕብል ዘሎ፡ ብኣጋጣሚ ናይ'ዚ ዓውደ-ኣመት ድማ ብዝያድነት ጎሊሑ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ትልሂት ክሳብ ዝወገሕ ኣብ ማእከል ኤርትራውያን ቀጺሉ።

ንጽቢሒቱ ዓርቢ 25 ግንቦት፡ ዝያዳ ድምቀት ዝህብ ብፍሉይ ምስንዳእ፡ ብሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተን ኣዋሃዲት በዓላት ሸማግለን፡ ኩለን ማሕበራዉያን ሓይልታት ዘወደብኦን፡ ከም ኣካል ጽንብል በዓል 21 ዓመት ናጽነት፡ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዜጋታትና ዝተሰተፍዎ ሰልፊ፣ “ጽምብል ኤርትራ፡ ጸዳል ስኒትን ፍትሕን፡ ቀርኒ ኣፍረቃ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ንምርግጋጽ ሃገራዊ ክብረት፡ መርኣያ ኤርትራዊ ጥምረት፡ በቲ ሓደ ኢድ ድማ፡ ነቲ ብስርዓት ኦባማ ኣብ ላዓላዊት ሃገርና ዝደናደኖ ዘሎ ሃሳዩ ዘይቅኑዕ ኣተሓሕዛን ፖሊስታትን ክእርም፡ መኣዝኑ ናብ ስልጡን ኣተሓሕዛ ሃናጺ ጽምዶ ከመዓራሪ፡ ንተደጋጋሚ ጠለብ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ኣቓልቦ ክገብር ዝጠልብ ጻዊዒት፡ ኣብ መንጽር ዋይት ሃውስ ዝጀመረ ሰልፊ፡ በቲ ነዊሕ ጎደና ፐንሲልቫኒያ እናተጓዒዘ፡ ንእግረ-መገዶም ኣሸሓት ኣህዛብ እናተዓዘብዎ፡ ኣብ ቅርዓት ካፒቶል ሂል በጽሐ፡፡ ኣብ'ቲ ቅርዓት ካብ ዝተፈላለዩ ክፍላተ ዓለምን ውሽጢ ሃገርን በጻሕቲ ዝዉሕዝሉን ዝዘዋወርዎን ስፍራ ከም ምዃኑ መጠን፡ ተንቀሳቓሲን ደረቕን ኣሳእል ዘልዕሉ ሰባት “ኣዲኦም ትቑጸሮም” ኢልካ ጥራይ'ዩ ክሕለፍ ዝከኣል። እዚ ኸኣ መልእኽትኻ ንምዝርጋሕ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ዓለም ከይተንቐሳቐስካ፡ ኣብ ሓደ ስትራተጂካዊ ቦታ ኣዝጊብካ፡ ጻዊዒትካ፡ ኣብ ዙርያ ዓለም ምዝርጋሕ ምግባር ማለት'ዩ ኔሩ።







ኣብ'ዚ ሰልፊ እዚ፡ ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣዕሩኽ መንእሰያትና፡ ኣንጻር ዘይፍትሓዊ ምትእትታውን እገዳን፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ በበይኑ ኩርንዓት ዓለምን ዝነጥፉ፡ ዝተወደቡ ሓይልታት ዝተጻንበርዎ ምንባሩ ከም መርኣያ ጽቡቕ ኣብነት ክጥቀስ እግብኦ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ቀዳም 26 ግንቦት ዝቐጸለ በዓል፡ ኣብ ፎርት ሃንት ዝብሃል ክፍለ ግዝኣት ቨርጅንያ፡ ካብ ከተማ ፍንትት ዝበለ ብልሙዕ ኣግራብ ለምለም ሰፊሕ ናይ ዝኖት ስፍራ፡ ኩሉን ስድራ-ቤታት ኤርትራ ብሓባር ተሓቛቚፈን ዝውዕላሉ ዕለት'ዩ፡፡ ከም'ቲ ልሙድ ነቲ ክቡር ባህልን ልግስን ኤርትራውነት ዘንጸባርቕ ምሉእ ትሕዝቶ፡ ዝተፈላለየ ብልዕን መስተን ሽሻይ፡ ኣብ ዳሳት ትሽዓቲኦን ብሔራትና፤ "ንቐደም በሉ" እናተበሃሃለ፡ ከይበላዕካ ዓይኒ ብምርኣይ እትዓግበሉ ህሞት ምዕዛብ፤ "እንቛዕ ኣባል እዚ ዘ'ኹርዕ ህዝቢ ኮይነ ተፈጠርኩ" ዘብል ዘሐብን በዓል'ዩ ኔሩ።





ደቅና ኣብ'ቲ ሰፊሕ ጎላጉል ክጓየዩ፡ ንእተፈላለየ ዕድመ ቐልዑን ሕጻውንትን ዘሳትፍ መዘናግዕን ስፖርታዊ ንጥፈታት ተዋዲዱ፡ ኣብ ኩሉ'ቲ ጎልጎል ሰሓቢ ንዓይንኻ ባህ ዘብል ምርኢታት ኔሩ።

ሕልፍ ኢልካ ምስ እትስጉም፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዓበይቲ ኣግራብ፡ ናይ ቀደም መተዓብይቲ፡ ኣዕሩኽ፡ መጋድልቲ ብሓባር ተኣኪቦም ከዋግዑ ሕሉፍ ተዘክሮታት ምስ ህልዉ መነባብርኦም ኣዛሚዶም ከዋግዑን ከዕልሉን ክጫረቑን ክትሰምዕ፡ እቲ ስፍራ ኣአንጊድዎም እቲ ምትእኽኻብ ናጽነት ጠርኒፍዎ ዝነበረ ብሉጽ ህዝብን ታሪኽን እንታይ ከም ዝመስልን ንምፍላጥ ዝእግም ኣይነበረን።





ኣብ'ቲ ስፍራ ኣባል ባይቶ ኣመሪካ፡ ክቡር ሚስተር ጂም ሞራን ዓርኪ ኤርትራውያን ምስ ክብርቲ ብዓልቲ ቤቱ ተረኺቦ፡(ካብ ምምሕዳር ቨርጂኒያ) ዮሃና! እንቛዕ ናብ መበል 21 ዓመት ናጽነት ኣብጽሓኩም ንምባል ተረኺቦ ኔሩ። ኣብ ትሕቲ ኣግራብ እናተዘዋወረ ምስ ንኣሽቱን ዓበይትን ከዕልል፡ ባህላዊ መግቢ ክቐምስ፡ ብዛዕባ እቲ ንኤርትራ ዝወጣወጥ ዘሎ ቁጠባዊ እገዳ፡ ብዝኾነ መለክዒ ቅቡል ከምዘይኮነ፡ ብወገኑ ምስ መሳርሕቱን ብመተከል ከምዘይቕበሎ፡ ንምግትኡ ከምዝዓዩ እውን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ሓሳቡ ነቶም ዘዛርቦም ዝነበረ ዜጋታት ገሊጽሎም።





እቲ ፒክኒክ ካብ ሰዓት 10፡00 ናይ ንግሆ ክሳብ ጸሓይ እተጠልቕ፡ ሰዓት ዝተዓዘበ ሰብ ኣይነበረን፡ ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ኣብቲ ዝነበረ ጣዕመ ምዝናይ ዝነበረ ፍሉይ ኣቓልቦ ጢሒሉ፡ ኣመት ዝገበረ ኣይነበረን፡ ጸሓይ ምስ ፈዘዘት፡ ናይ ምፍዳስ ሰዓታት ከምዝኣኸለ ክስተብህል ጀሚሩ፡ ኮይኑ ኸኣ እቲ ናይ መዓልቲ መደብ ብሓጎስን ድምቀትን ተዛዚሙ።

ስዒቡ ከም መደብ ተታሒዙ ዝነበረ፡ ብብዝሒ መንእሰያት ጥራይ ዝሓቖፈ፡ ኣብ ሆሊደይ ኢን ሆተል፡ (Holiday Inn Hotel) ብመንእሰያት ህግደፍ፡ ኣዕሩኽ ኣዝማሪኖን ባህልና ኢንተርተይንመንትን፡ ዝተዳለወ ምሸታዊ ትልሂት'ዩ ቀጺሉ።

ራብዓይ መዓልቲ መዛዘሚ ናይ ቅነ ናጽነት 27 ግንቦት፡ ኣብ ኮንቨንሽን ሰንተር ዋሺንግቶን ዲሲ፡ ካብ ሰዓታት 7፡00 ድሕሪ ቀትሪ፡ ስውኣት ብምዝካር፡ ቃል በዓላት ሽማግለን፡ መግለጽን ዮሃናን ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣከታቲሉ ምስ ቀረበ፡ እቲ ስሩዕ መደብ'ዩ ቀጺሉ፡፡ ብሕጻናት፡ ኣብ ኣሰር ስነ-ጥበባዊ ውርሻ ዝምልመሉን ዝነጥፉን ዘለዉ፡ በቲ ላዛ ዝመልኦ ልሳኖም፡ ግጥምን ዜማን ዝተወሃሃደ ነቲ ምሸት ከፈቶሞ። ብምክትታል ስዒባ ዝቐረበት ምርኢት፡ በቶም ዝና ዘትረፉ ዉሩያት ተዋሳእቲ ነዚ እንሓልፎ ዘሎና ኩነታት እተንጸባርቕ፡ “ዓለም ፍትሒ ደሊና” እትብል ግዚያዊት ሙዚቃዊት ድራማ ኣብ መድርኽ ተዓዘብቲ ቐሪባ። ከም ግብረ-መልሰ ልዑል ጣቒዒትን ጨብጨባን ረኺባ።



ካብዚ” ብምቕጻል እቶም ነዊሕ ትጽቢት እተገብረሎም ኣጋይሽ'ቲ ጽንብል፡ ባሃር በረኸት መንግስትኣብ፡ ምስ ታረቀ ተስፉሂወትን ካብ ኣስመራ ተጓዒዞም፡ ኣብ'ቲ መድርኽ ጠበቕ ምስ በሉ፡ ተሳታፊ መደብ፡ ብነጎድጓዳዊ ጣቒዕት ምስ ተቐበሎም፡ በረኸት መንግስትኣብ ኣብ ቅድሚ እቲ ሓፋሽ ደው ኢሉ ከም'ዚ በለ፡

“ገጽ እንፈትዎ ሓፋሽ ምርኣይና ደስታና ወሰን የብሉን፡ ዮሃና..ዮሃና” ኢሉ ሰላምትኡ ምስ ኣመሓላለፈ፡ ነተን ኣብ ኢዱ ሒዝወን ዝነበረ ክልተ ዘይተሓለላ ታሪኻውያን ክራራት ምስ ህዝቢ ከላልየን ከሎ፡ “እዚኣ ናይ 1961” ነታ ብጸጋመይቲ ኢዱ ዝነበረት “እዚኣ ኸኣ “ናይ 1991” ነታ ብየማኑ ዝነበረት፡ “እነ ንባዕለይ ዝሓለፈ 52 ዓመታት ጉዕዞ ስነ-ጥበባዊ ጽባቐን ባህላዊ ዕቃበን፡ ኣብ ምስሳን ሃገራዊ ወኒን ንኸበርክት ሕድረን ዘይጠለማ ዕጥቀይ፡ ነዚ ምሸት ምሳኻትኩም መደብኩም ንምድማቕ ንኣሻሓት ኪሎመተራት ተሓንጊጠየን መጺአ ኣለኹ” ኢሉ ድሕሪ ምሕባር ንተሳተፍቲ ከላሂ ሓዲሩ። ታረቐ እውን ኣብ ጎድኒ ኣይኡ፡ ንመድርኽ ተረኪቡ፡ ኣዝዮም መሰጥቲ ድርፍታት ዓጢቑ ወኒ እተሰራስር ክራሩን ተሰንዩ ዜማታቱ ከንጎድጉዶ ሓዲሩ። ብተወሳኺ፡ ድምቀት ኣብ ልዕሊ ድምቀት ኣበርክቶ ዝገበሩ፡ ጉጅለታት ባህሊ ገዳይምን ሓደሰትን፡ ዘየምትን ሙዚቐኛታትን ተላሃይትን፡ ዓበይትን ንኣሽቱን፡ ከተማ ዋሽንግቶንን ከባቢኣን ብቕንያቱ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ’ዚ ዛዛሚ ምሸት ልቢ ብዙሓት ዝማረኸ ዓይነታዊ ሃገራዊ ደርፍታት ኣህብቲሞሞ ኣምስዮም።



ብዙሓት ውራይ ዘጸበቑን ዘጸባብቑን ብዝተፈላለዩ ሞያን፡ ውሕልነትን ዝዓጠቑ፡ ኣብ ምስላም ኣዳራሽ፡ ምርኢታት፡ ዝዓሰልዎ ህዝባዊ ምርኢት ድማ ዮሃና ንብል። ብቐንዱ ኸኣ እቲ መደባት፡ ዕዉት ክኸውን ንኣርባዕተ መዓልትን ለይትን ቀጻሊ ተሳታፍነት ዘርኣየ፡ ክቡርን ዕዉትን ሓፋሽ ህዝብና፡ ሳልኡ ውራይና ዘሐብንን ዘኹርዕን እዩ ኔሩ እሞ፡ ዮሃና ይብጽሓዮ። ኣብ ቐጻሊ መኸተ ብሰላም የራኽበና።

መደብ ጽንብል መበል 21 ዓመት ናጽነት፡ ሰዓት ክልተ ንሰኑይ ዘውግሕ፡ ብዓወትን ሰላምን ተዛዚሙ።

እዚ ታሪኻዊ ጽምብል’ዚ፡ ንፈተውቲ ጸባ ዘስቲ፡ ንተንበርከኽትን ኣምበርከኽቶምን፡ ኣብራኽ ዝሕምሸሸ፡ ብድሕሪ ሕጂ ዝኾነ ፍሹል ሃቐነ ንኸይህንደዱ ጽፊዒታዊ ትምህርቲ ዝህብ ፍጻመ እዩ።

በዓላት ሽማግለ ዲሲን ከባቢኡን፡
ዓወት ንሓፋሽ!
ዝኽርን መጎስን ነቶም ነዚ ብርሃን'ዚ ክንርኢ ዝሓለፉ ሰማእታትና!
ኤርትራና ናጽነታ ዓቂባ፡ ንዘልኣለም ትንበር!!!

ተወሳኺ ኣሳእል ተመልከት፡







OUR INDEPENDENCE
OUR DIGNITY!



ናጽነትና ክብረትና! ዓወት ንሓፋሽ!